# በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ኣሓዱ ኣምላኽ ኣሜን።

## “ስለዚ ኢየሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ፡
## ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተ ጸናዕኩም፡ ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢኹም።
## ንሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኽተውጽኣኩም እያ፡
## በሎም።”

ወንጌል ዮሐንስ ምዕራፍ 8:31-32

መደብ መበል 16 ዓመታዊ ጉባኤ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሰሜን ኣመሪካ።

መሪሕ ጥቕሲ "ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ" (ኤፌ 4፥15)

መድኃኔ ዓለም ቤተክርስትያን

ሓምለ 24 – 27, 2014 ።

ዋሺንግተን ዲ.ሲ.

ቀሺ ቴድሮስ ተስፋይ

# ድሕረ ባይታ

- ኣብዛ ምዕራፍ መጀመርያ ብዛዕባ ዝዘመውት ሰበይትን ናይ ኣይሁድ ፈተነ ንመድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ
- ትእዛዝ ነብዩ ሙሴን መልሲ ናይ ክርስቶስን
- መልሲ ዝሰኣኑ ኣይሁድ ሓደ ብሓደ ምህዳሞም
- ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ሓጥያት ውልቀ ሰባት ዘይኮነ፣ ንዓለም ብምልእታ ምስ ኣብኡን ምስ ገዛእ ርእሱን ኪዓርቃ ምምጻኡ።
- እቲ ናይ መስቀል መስዋእትን ዕምቆት ናይዚ ንኹሉ ብዘይ ኣፈላላይ ዝኸፈት ዘሎ ሓዲሽ ኪዳን ከኣ ንዓለም ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ከሰጋግራ ምምጻኡ ይገልጽ።
- ድሕሪ እዚ ትምህርቲ ኣይሁድ ኣብ ክልተ ከምዝተኸፍሉ ዝኣምኑን ... ዘይኣምኑን እቶም ዳሕረዎት ከኣ ክሳብ ምጽራፍን ንምቃትል መድሓኒናን ትንዕ ከምዝበሉን ይነግር።



# ብመንፈስ ህጻናት ሓደስቲ "ደቀ መዛሙርቲ" እንታይ እዩ ድልዮም?



- ውሳኔ እዞም ዝኣመኑ ኣይሁድ ሳዕቤን ዘሎዎ እዩ ቀሊል ኣይኮነን። *"ኣይሁድ፡ ንሱ ክርስቶስ እዩ፡ ኢሉ ንዝመስክረ ኻብ ቤት ጸሎት ኪሰጕዎ ሓቢሖም ነበሩ ...።"* ዮሐንስ 9:22
- ምእማን ቅጽበታዊ ለውጢ ኣይነበረን ... ንኽኣምኑ ዝደረኾም ግብራዊ ትዕዝብቲ፣ ስነ-ሓሳባዊ ትምህርቲ፣ ኣምላኽ ወዲ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ኪፍጽሞ ዘይክእል ትእምርትታት...
- ***ብሓጺሩ ብመንፈስ ህጻናት ሓደስቲ ደቀ መዛሙርቲ እዚ ዝስዕብ የድልዮም...***
- ክፉቱን ዘተባብዕን ኣፍ ደገ *(ሰባት ብዝተፈላለየ ኣንፈት ይምጽኡ ኪወጹ ከሎዉ ግን ናብ ሓድ ኣንፈት ኪጥምቱ ምሕጋዝ። ...**ፖሊስ ናይ ቤተክርስትያን ኪኸውን ዝተጸውዐ ሰብ የሎን... ። ኣብነት ኣብ ሓደ ቤተክርስትያን ሓንቲ ሓፍትና...***
- ካህናት ዲያቆናትን ምምሕዳር ኣብ ዝተፈላለየ ኮሚቴታት ኣነገልግል ኣቦታትን ኣደታት ኣሓዋት ኣሓትን: ክርስቶስ ሓኪም ንሕና ኸኣ ነርሳት ክንከውን ኢና ተጸዊዕና
- እንደገና ከምዝምለሱኻ ምግባር... ***ኣብነት** እቶም ሐንሳእ ንጎይታና መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝጠዓምዎ ኣንጊሆም የናድይዎ ኔሮም*

# ቃል እግዚኣብሔር ምስማዕን ኣብ ቃሉ ምጽናዕን ነንበይኑ እዩ

- ዘራኢ ኺዘርእ ወፈረ...ገሊኡ ኣብ ጥቓ መገዲ ...ገሊኡ ኸኣ ***ብዙሕ ሓመድ ኣብ ዜብሉ ኸውሒ***...ገሊኡ ኣብ እሾኹ ገሊኡ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ወደቐ... *"እቲ ኣብ ከውሒ እተዘርኤ ኸኣ ነዚ ቓል ሰሚዑ ብኡብኡ ብሓጐስ ዚቕበሎ እዩ። ንሸዑ ጥረኣይ እዩ እምበር፡ ሱር ግና የብሉን። ስለቲ ቓል መከራ ወይ ስደት ምስ ኰነ፡ ብኡብኡ ይዕንቀፍ። "* ማቴዎስ 13:20-21



- *ኣብነት፥ እዚ ናይ ኦርቶዶክስ ጥንታዊ ከይኑ፣ ዳርጋ ፍርቂ ዓመት ኣጽዋማት፣ ነዊሕ ሰዓታት ዝወስድ ቅዳሴ...ናይ ክርስቶስ ጸሎተ መስዋእቲ ሓጻር እያ ኔራ...እቶም ካህናት ኣምር ናይ ግዜ ዘርድኦም ኣይመስለንን...ዝብል ተማጓታይ...*





- እቲ ምስጢሩ እዚ እዩ... ኣብ ዕለታዊ ናብራና ከም እንግንዘቦ ዓይነ ጽሩይ ዝኾነ ነገር ግዜኻ ወፊኻ..ልብኻ ኣውዲቕካ ዝተሰረሐ ነገር እዩ። ከትምቅር ጻብሒ እኳ ግዜ ትደሊ
- ኣብነት፥ ኣብ ዓለምና እቶም መስተንክር ዝብሃል ስራሕ ዝሰርሑ ነቲ ኪሰርሕዎ ዝደልዩ ደቀመዛሙርቲ ብምኳን ነዊሕ ግዜን ጉልበትን ዘፍሰሱ ኣዮም ይብል..."Mastery" by Robert Green

# ሓቂ እንታይ እዩ፧ መሠረታዊ ሕቶ እዩ



- **ጲላጦስ ከኣ፡ ሓቂ እንታይ እዩ፧** “*ኣነ ንሓቂ ኽምስክር፡ ምእንትዚ ተወለድኩ፡ ምእንትዚውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ። ካብ ሓቂ ዝኾነ ዅሉ ኽኣ ድምጻይ ይሰምዕ እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ።* …. ከም ብሓድሽ ናብ ኣይሁድ ወጺኡ፡ ***ኣነስ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩሉን ።***“ ዮሐንስ 19:37-38 ።
- *ደጋጊምካ ተዛርብካዮ፥ ሞኪርካዮ ዘይልወጥ ነገር ሓቂ እዩ፤ ኣብ ሳይንስ ሓቂ ዝኾነ ነገር ቦታን ኩነታትን ዘይቅይሮ ብተደጋጋሚ ኣንተሰራሕካዮ ሓደ ዓይነት ውጽኢት ዥብ ከም ሓቂ ይውሰድ፤*
- *ንኣብነት ካርቦን ካብ ፈሓም ናብ ኣልማዝ ይቅየር፤ ነቲ ኣልማዝ ብማይክሮስኮፕ ብኹሉ መኣዝኑ ይምርመር ኣሞ ሓቅነቱ ይረጋግጽ፤*

- *መንፈስ ቅዱስን ቃል ኣግዚኣብሔርን ሓቂ የፍልጥ*
- “***እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኬፍልጠኩም፡ ናብ ኩሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ።*** “ ዮሐንስ 16:19 ።

# ኣይሁድ ንሓቂ ዝፈልጥሉ ሎሚውን ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም ቅቡል ኣሰራርሓ እንታይ እዩ፧

- “ሽዑ ኢየሱስ፡ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ ተዛረቦም። ፈሪሳውያን ከኣ፡ ንስኻ ንርእስኻ ትምስክር ኣሎኻ፡ ምስክርካ ሓቂ ኣይኰነን፡ በልዎ። ኢየሱስ መሊሱ በሎም፡ ኣነ ንርእሰይ እኳ እንተ መስከርኩ፡ ካበይ ከም ዝመጻእኩ ናበይውን ከም ዝኸይድ፡ እፈልጥ እየ እሞ፡ ምስክረይ ሓቂ እዩ። ንስኻትኩም ግና ካበይ ከም ዝመጻእኩ ናበይውን ከም ዝኸይድ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ንስኻትኩም ፍርዲ ስጋ ኢኹም እትፈርዱ ዘሎኹም፡ ኣነስ ንሓደ ኣይፈርድን እየ። ኣነን እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦን ኢና እምበር፡ በይነይ ኣይኰንኩን እሞ፡ ኣነ እንተ ፈረድኩ ኸኣ፡ ፍርደይ ሓቂ እዩ። ምስክር ክልተ ሰብሲ ሓቂ ምዃኑ ኣብቲ ሕግኹም ጽሑፍ ኣሎ። ኣነ እየ ብናይ ርእሰይ ዝምስክር ዘሎኹ፡ እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይውን ይምስክረለይ ኣሎ። 8:12-18
- ብመምዘኒ ናይ ሰባት እዩ ምስክር ክልተ ሰባት ንሓቂ መተኣማመኒ ዝውሰድ እምበር ሓቂ ብቑጽሪ ናይ ሰዓብታ ኣይትሕይልን ወይ ኣይትደክምን እያ። ናይዚ ኣብነት ድማ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ንኣምላኽነት ናይ ክርስቶስ ኣንጻር እታ ብትምህርቲ ናይ ኣርዮስ ኣዕለቕሊቓ ዝነበረት ዓለም ተዋጊኡ ሰዓሪ ምዃኑ እዩ።St Athanasius Contra Mundum (Against the World).
- ናይ ዘመንና ሓዋርያ ክሳብ ምባል ዝበጽሑ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ድማ ህያው ኣብነት እዮም።

# እታ ብሓቂ ኣትርከብ ሓርነት ከመይ ዝኣመሰለት እያ፧

- ውሽጢ ሕልናና፥ ህይወትናን ተግባራትናን ኪሳነ ከሎ ምሉእ ውሽጣዊ ሓርነት ኣሎና።
- *“ንስኻትኩም ከኣ፡ ሳላ እቲ ዝነገርኩኹም ቃል፡ ድሮ ንጹሃት ኢኹም። ዮሓንስ 15:3።*

**“ስለዚ ኢየሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ፡ ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተ ጸናዕኩም፡ ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢኹም። ንሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኽተውጽኣኩም እያ፡ በሎም።”** <u>ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ 8:31-32</u>




- ውሽጢ ሕልናና፥ ህይወትናን ተግባራትናን ኪሳነ ከሎ ምሉእ ውሽጣዊ ሓርነት ኣሎና
- እዚ ሓርነት እዚ ውሽጣዊ እዩ፤ ኣብ ከባቢና ዘሎ ኩነታት ሓርነት ዂህብ ኪኸውን ይኽእል ወይ ድማ ሓርነት ዝነፍግ ኪኸውን ይኽእል እዩ
- ሓቀኛ ዕረፍቲ ዂህብ ሓርነት እዩ፤
- ክሳብ ንሞትን ስቅያትን ብሓጎስ ኪትቅበሎ ዘኽእል ሓርነት እዩ፤
- ብውሽጡን ብደጊኡን ሓደ ዝኾነ ሰብ ሓርነት ዘሎዎ ሰብ እዩ።

# ሎሚ ንሕይወትና ሓራ ኮይንና ከይንነብር ብባርነት ሒዝና ዘሎ ዓንታይ ዓዩ፧

- ❖ ህድእ ኢልና ንሕሰብ፥ ብውልቂ ከም ሕዝቢ ብባርነት ቆሪና ዕረፍቲ ከሊኡና ዘሎ እንታይ እዩ፧ ብመስተ ብጋይላ ካልእን ዕረፍቲ ኪንረክብ ፈቲንና እቲ ሓቀኛ ሓርነት ዘይረኸብና ክንደይ ኢና፧
- ❖ ኣብ ኣመሪካ እታ ብነፍሰ ቅትለት ቀዳመይቲ ኣትስራዕ ከተማ ኣየነይተን እያ፧

- ❖ *ኪኸዱ ኸለዉ ድማ ኾነ፡ ንሱ ናብ ሓንቲ ዓዲ ኣተወ። ማርታ ዝስማ ሓንቲ ሰበይቲ ኸኣ ኣብ ቤታ ተቐበለቶ። ማርያም እትብሀል ሓብቲ ድማ ነበረታ። ንሳ ኸኣ ዘረባኡ ኽትሰምዕ ኣብ ጥቓ እግሪ ኢየሱስ ተቐሚጣ ነበረት። ማርታ ግና ብብዙሕ ምግልጋል ትጽዕር፡ ነበረት፡ ደው ኢላ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ሓብተይ ሓዲጋትኒ በይነይ ከገልግልዶ ግዲ የብልካን ኢኻ፧ እምብኣርከ ኽትድግፈኒ ንገራ፡ በለቶ። ኢየሱስ ድማ፡ ማርታ፡ ማርታ፡ ብብዙሕ ነገር ትጭነቕን ትጕህይን ኣሎኺ። እቲ ዜድሊ ግና ሓደ ጥራይ እዩ። ማርያምሲ ኻብኣ ዘይውሰድ ጽቡቕ ግደ ሐርያ ኣላ፡ ኢሉ መለሰላ። ሉቃስ* 10:39-42

## እቲ ሓቀኛ ሓርነት ንደሊ እንተኾይንና ዘባንና ፈቲና ኣንህቦ እቲ ናይ ሰማይን ምድርን ንጉስ ኪኸውን ከሎ ጥራይ እዩ



❖ “ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።” 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፥15።

ንቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብዚ ናይ ፈተና እዋን ኣብ ኣገልግሎቶም ዓወትን ኣሳልጦን ይሃብ!

❖ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።